# ባህርይ ክርስቶስ

ብፓትሪያርክ ሺኖዳ ሣልሳይ

ትርጉም

ብ

ዶ/ር ሽሞንዲ ኃይለ

ዋሽንግተን ዲሲ ሰሜን ኣሜሪካ
2001

## ምዕራፍ ፩

## መበቕል ክሕደት ኣብ ባህርይ ክርስቶስ

**ሀ. ክሕደት ኣርዮስ ወይ ኣርዮሳውያን**

ኣርዮስ፡ ክርስቶስ ፍጡር ስለ ዝኾነ፡ ክንድቲ ኹሉ ዚኽእል ኣቦ ኣይኮነን ኢሉ ብምምሃሩ፡ መለኮት ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ከሓደ። ኣርዮስ ዋላ እኳ ብ325 ዓ.ም. ብጉባኤ ኒቅያ ይወገዝ እምበር፡ እቲ ኣርዮስ ዝገደፎ ክሕደትሲ፡ ክሳዕ ሕጂ ኣይተበትከን ዘሎ።

**ለ. ክሕደት ኣጶለርዮስ ወይ ኣጶለርዮሳውያን**

ኣጶለርዮስ መለኮታውነት ክርስቶስ ይምህር ነበረ። እንተኾነ፡ ኣብ ምሉእ ባህርያት ትስብእትነት ኣይኣመነን። ትስብእትነት ክርስቶስ ነፍሲ ኣየድልዮን እዩ፡ ምኽንያቱ እቲ ኣምላኽ ዝኾነ ሎጎስ፡ ሕይወት ስለ ዝሃቦ ነፍሲ ኣየድልዮን ኢሉ ከሓደ። እዚ ትምህርቲ እዚውን ንሰብኣዊ ባህርይ ክርስቶስ ምሉእ ኣይገብሮን። ስለዚ እቲ ኣብ ቆስጥንጢንያ ብ381 ዓ.ም. ዝተጋብኤ ቅዱስ ሲኖዶስ ድማ፡ ንኣጶለርዮስ ብኽሕደት ኣውገዞ።

**ሐ. ክሕደት ንስጥሮስ ወይ ንስጥሮሳውያን**

ንስጥሮስ ብ428 ዓ.ም. ኣብ ቁስጥንጥንያ ሊቀ-ጳጳሳት ኮይኑ ነበረ። እንተኾነ፡ ኣብ ትምህርቱ፡ ብፍላይ ድማ፡ ንትምርቲ ክርስቶስ ብዝምልከት ካብ ትምህርቲ ቤተ-ክርስቲያን ዝተፈልየ ኮይኑ ተረኽበ።

ሓደ ካብ ትምህርቱ፡ ማርያም ንታራ ሰብ ወለደት፡ መለኮት ድማ ነዚ ሰብ እዚ መልኦ፡ ስለዚ ድንግል ማርያም “ኣደ ኢየሱስ” (ክርስቶኮስ) ትብሃል እምበር፡ “ኣደ ኣምላኽ” (ተዮቶካስ) ክትብሃል ኣይግባእን ቢሉ ስለ ዝመሃረ፡ እቶም ኣብ ኤፌሶን ብ431 ዓ.ም. ዝተጋብኡ ቅዱሳት ኣቦታት ንቕድስቲ ድንግል ማርያም “ኣደ ኣምላኽ” (ተዮቶካስ) ኣይትብሃልን ብምባሉ ኣውገዝዎ።

ዋላ እዚ እኳ እንተ ተገብረ፡ ንመለኮትነት ክርስቶስ ብምኽሓዱ ጸንዔ። ኣደ ኣምላኽ ከም ዘይኮነት ከርኢ ድማ፡ ሓሙሽተ መጻሕፍቲ ጽሒፉ ኣራብሐ። ንትምህርቱ ድማ ምስ ኣባ ነስጣልያን ኰይኖም ኣስፋሕፊሕዎ። ገለ ካብቲ ናይ ስሕተት ትምህርቱ “መለኮት መጺኡ ንጎይታ

መልአ ክብል ከሎ፣ ምስ ትስብእትነት ውህደት የብሉን፣ እንታይ ድኣ! መለኮት ከምቲ ናብ ቅዱሳን መጺኡ ዝመልኦም፣ ንዕኡውን መልአ እዩ ዘስምዕ።

እንደገና፣ ንስጥሮስ ብዛዕባ ኢየሱስ ዚብሎ፣ ከምቲ ኣብ ግዜ ጥምቀቱ መንፈስ ቅዱስ መጺኡ ዝመልኦ፣ ከምኡ መሕደር ኣምላኽ ኮነ፣ እዚ ማለት ክርስቶስ "ጸዋር ኣምላኽ" (ተዮፎሮስ) ኰነ። ብኻልእ ኣዘራርባ ካብቲ ብንኡስ ዚብሎ ንቅዱስ ኤግናይጦስ ባዓል ኣንጾክያ ዝተዋህቦ ምልኣት ማለት እዩ።

ድንግል ንኣምላኽ ክትወልድ ፈጺማ ዘይከኣል እዩ። ምኽንያቱ ነቲ ዝፈጠረ፣ ፍጡር ክወልዶ ፈጺሙ ስለ ዘይከኣል። ብተወሳኺ፣ ካብ ሥጋ ዝተወልደ ሥጋ እዩ ዝኸውን በለ።

ከም ርእይቶ ንስጥሮስ፣ እቲ ምዝማድ ባህርይ ሰብን ክርስቶስን መለኮታዊ ባህርያትን ድሕሪ ኢየሱስ ካብ ድንግል ምላዱ፣ ቁሩብ ጸኒሑ ከም ዝተቓራረበ እምበር፣ ብቕድሙስ ኣብ ትስብእትነትስ መለኮት ኣይነበሮን ይብል። ብፍላይ ድማ፣ "ኣነ ነዞም ክልተ ባህርያት ይፈልጦም እየ" ክብል ከሎ፣ ነቲ ኣቐዲሙ ዝነበረ እምነት ከም ዝጻረሮ የመልክት።

ክርስቶስ ምስ መለኮት ሓድነት ዘይነብሮ ኔሩ እንተ ዝኸውን ድኣ፣ ከመይ ጌሩ ነዚ ኹሉ መዋእል ዝኸውን፣ ገዛእ ርእሱ፣ መስዋእቲ ሓጢኣት ገይሩ ተበጀወና?

ቤተ-ክርስቲያና ኣደ ኣምላኽ ክትብሃል ከላ፣ ነቲ ሥጋ ዝለበሰ ሎጎስ ኣስመረቶ ድኣ ትብል እምበር፣ ድንግል ማርያም ምንጪ መለኮት እያ ኣይትብሃልን። እዚሞ ፈጺምና ኣይንብሎን ኣይብሃልን ድማ። ከመይሲ እቲ ኣምላኽ ዝኾነ ሎጎስ፣ ንድንግል ፈጣሪኣ ስለ ዝኾነ። ኣብ ምልኣት ግዜ ግና፣ ካብ ላዕሊ መጸ፣ መልኣ እሞ ጠነሰት፣ በዚ ድማ ሰብኣዊ ባህርይ ወሰደ፣ ወለደቶ ድማ።

ቅዱስ ቄርሎስ ንክሕደት ንስጥሮስ፣ ምስ መልሱ ብዓሰርተው ክልተ ውግዘት ኣውገዞ። ከምኡውን ነቶም ክልተ ባህርያት ብምርካቦም፣ ክርስቶስ ተጠርየ ዚብሉን፣ ነቶም እቲ ኣምላኽ ሎጎስ ኣብ ኢየሱስ ይሰርሕ፣ ወይ ሎጎስ ኣብ ኢየሱስ ሰፈረ ዚብሉውን ምስኡ ኣውገዞም። ብተወሳኺ ነቶም ኢየሱስን ኣምላኽን ሎጎስን እናበሉ ክፈላልዩ ዚደልዩ፣ እሞ ካብ ሰበይቲ ተራ ሰብ ኮይኑ ተወልደ ዚብሉውን ኣውገዞም።

መ. ክሕደት ኣውጣኪ ወይ ኣውጣካውያን

ኣውጣኪ ካብቶም ኣብ ቁስጥንጢንያ ዚነብሩ ዝነበሩ ፈለስቲ፣ ሓደ ኢዩ። ነቲ ብንስጥሮስ ዝተፈጸመ ክሕደት፣ ካብቶም ኮነ ኢሎም ዝተቓወሙ ፈለስቲ፣ ሓደ ነበረ። ሓለፋ ኩላቶም ብጾቱ ድማ፣ ነቲ ንስጥሮስ ዘበላሸዎ ውህደት ማለት መለኮታውን ሰብኣውን ባህርያት ክርስቶስ፣ ኬዕርዮ ብተገዳስነት ተበገሰ። እንተኾነ ንባዕሉ፣ ኣብ ፈተነ ክሕደት ኣተወ። በለ ድማ፣ "ሰብኣዊ ባህርይ ክርስቶስ ብመንጽር መለኮታዊ ባህርያት ክረኣ እንከሎ፣ ከምቲ ንጣብ መጺጽ (ኣቸቶ) ኣብ ባሕሪ ነጢባ መጺጽነታ እተጥፍእ፣ ከምኡ ድማ፣ ሥጋዊ ባህርይ ክርስቶስ ኣብቲ መለኮታዊ ባህርይ ምስ ኣተወ፣ ሰሚጡን ሓቒቑን ተረፈ" ቢሉ ብኽሕደት ፍታሕ ክናዲ ፈተነ። እዚ ኣበሃህላ እዚ ከኣ፣ ንሰብኣዊ ባህርይ ክርስቶስ ዚኽሕድ ኰይኑ ተረኽበ።

እዚ ብምፍጻሙ ከኣ፣ ቅዱስ እትናቴዎስ በዓል ግብጺ፣ ንኣውጣኪ ኣውግውዞ። እንተኾነ ኣውጣኪ፣ ነቲ ሓቐኛ እምነት ከም እንደገና ተቐቢሉ ተነስሒሞ፣ ናብ ቤተ ክርስቲያን ተመልሰ።

ቅዱስ ዲዮስቆሮስ ከኣ፣ ናብቲ ቅድሚ ክሕደቱ ዚነብሮ ቦታኡ መለሶ። እንተኾነ ድሕሪ ገለ እዋናት ጸኒሑ፣ ነቲ ዝተጠማዘዘ ክሕደቱ ብዕሊ ብኣዋጅ ኣፍለጠ እሞ፣ በቲ ብ451 ዓ.ም. ኣብ ኬልቄዶኒያ ዝተጋብኤ ጉባኤ ድማ፣ ተወገዘ። በታ ንጉባኤ ኬልቄዶንያ ዘይተቐበለት ኣብ ኣለክሳንድርያ ዚነበረት ምምሕዳር ቤተ ክርስቲያን ድማ፣ ዳግማይ ተወገዘ።

## ጉባኤ ኬልቄዶንያ

ንስጥሮስ፣ በቲ ኣብ ኤፌሶን ዝተጋብኤ ከይተረፈ ተወጊዙ ነበረ። እንተኾነ፣ ግደ ሓቂ ክንዛረብ እንተድኣ ኾይና ግና፣ እቲ ንሱ ዝተኸሎ ዕላማ፣ ሰራውር ሰዲዱ እስፉሕፊሑ ስለ ዝነበረ፣ ነቲ ጉባኤ ኬልቄዶንያ ከይተረፈ ጸልይዎ ነበረ። ብፍላይ እቲ ክልተ ባህርይ ማለት፣ እቲ ክርስቶስ ክልተ ኣካል ኣለዎ፣ እዚ ድማ በቲ ሓደ ኣምላኽ፣ በቲ ሓደ ኸኣ ሰብ እዩ ዚብል ትምህርቱ፣ ዓብሊሉ ብምንባሩ፣ ብዙሕ ኣካታዒ ኮይኑ ነበረ። ጉባኤኛታት ኬልቄዶንያ ግና፣ ነቲ ብጉባኤኛታት ኤፌሶን ብ431፣ ክርስቶስ መለኮቱን ሥግኡን ዝተወኃኃደ ሓደ ውሁድ ክርስቶስ እዩ ኢሎም ዝዛዘምዎ ጉባኤ ኣፍረሶም፣ በቲ ሓደ ተኣምራት ይሰርሕ፣ በቲ ሓደ ድማ ውርደትን መከራን ዚቕበል ካብ ኮነ፣ ክርስቶስ ኣምላኽን ሰብን ኢዩ ኢሎም፣ ኣኼባኦም ብኽሕደት ዛዘሙዎ።

ብድሕሪ እዚ፣ እቲ ነዚ መገዲ እዚ ዝተኸተለን ዘኸተለን፣ ኣብ ሮማ ዝነበረ ጳጳስ ሊዮ፣ ኣብቲ ዝተፈልጠን ገዚፍን መጽሓፉ፣ ብዛዕባ እዚ ኣስፊሑ ጸሓፈ። ብወገን ኣለኽሳንደርያ ግና፣ እዚ ዝተወገዘ ነበረ። እቲ ግባኤ ግና ድሕሪ ውህደት ክልተ ባህርያት ኣብ ክርስቶስ ነባሪ ዚኾነ፣ እዚ ድማ "መለኮት ይገብር ግብረ መለኮት፣ ከምኡውን ሥጋ ብግዲኡ ይገብር ግብረ ሥጋ፣ ብምባልን ብምድማጽን ንሓሳብ ጳጳስ ሊዮ ደገፈ።

ቅድም ንስጥሮስ ነዚ ሓዲሽ ሓሳብ ማለት፣ ክልተ ባህርያት ክርስቶስ ብንጹር ዝተፈላለዩ እዮም ቢሉ፣ ነቲ ጉባኤ ብመግለጺኡ ኣቢሉ ፋሕፋሕ ዘበሎ ምኽንያት፣ ነቲ ቤተ ክርስቲያና ኣቐዲማ ኣብ ካርትርጅ (ሊብያ) ዝተጋብኤ ጉባኤኣ፣ ውህደት ክልቲኡ ባህርያት ከም ዘይንጸልን፣ ዘይናጻጸልን ምኻኑ ኣሚና፣ ንጉባኤ ኤፌሶን ተቐቢላቶ ዚነበረት ምፍራስ እዩ ኔሩ።

ንስጥሮስ ብድሕሪ እቲ ክርስቶስ ክልተ ባህርያት ኣለዎ ምባሉ፣ ምስኡ ኣተሓሒዙ እውን፣ ክልተ ፍቓድን፣ ክልተ መገዲ መፈጸሚ ግብርን ኣለዎ ቢሉ ነበረ። እምብኣርከስ፣ ክሳብ ለይቲ ሎሚ ንቤተ ክርስቲያንና፣ ከም ሥጋ ጉዚ ጎዛዚይዋ ዚርከብ ዘሎ፣ መሰረተ ትምህርቲ ክልተ ባህርያትን ክልተ ፍቓድን እዚ እዩ።